## ኣለይቲ ህጻናት እንታይ ሞያዊ ፍልጠት የድልዮም፧

እዚ ሓዲሽ ኣንፈት መደብ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ንጥቀመሎም ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ብዙሓት መዕቆቢ ቦታ ዝተተኣታተወ መስርሕ እዩ። እቶም ተኣታትዮም ዘለው ሓደስቲ ለውጥታት መታን ብግቡእ ክሳለጡ፡ መምሃራን ብክኢላታት ተወሳኺ ትምህርታዊ ኮርሳት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ሞያዊ ስልጠና ኮርስ ብምኒስትሪ ስድራቤት፡ ህጻናት፡ መናእሰያት፡ ባህሊን ስፖርትን ኣውራጃ ኖርድ ራይን ቬስት ፋለን ዝተመወለ እዩ። ዕላማ ናይዚ ትምህርቲ ድማ ክእለትን ብቕዓትን ኣለይቲ ህጻናት ኣብ NRW ብዘድሊ ሞያዊ ስልጠና ክብ ንምባልን ብምምሕያሽን እዩ። ምኽንያቱ እቶም ኣለይቲ ህጻናት ብዝተኻእለ መጠን ውላድኩም ክሕብሕቡን ክሕግዙን ድልየት ስለ ዘለዎም።

### ተወሰኽቲ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ

**መጽሓፍ** „Alltagsintegrierte Sprachbildung und Beobachtung im Elementarbereich“ **ወይ ከኣ** http://kita.nrw.de/datei/broschuere-sprachbildung-im-elementarbereich **ተወከሱ**

KiTa.NRW – **ትምህርቲ ቋንቋ**
http://kita.nrw.de/kinder-bilden/sprachliche-bildung

### ኣድራሻ

Ministerium für Kinder, Jugend, Familie,
Gleichstellung, Flucht und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen

Völklinger Straße 4, 40219 Düsseldorf
E-Mail: poststelle@mkjfgfi.nrw.de

Ministerium für Kinder, Jugend, Familie,
Gleichstellung, Flucht und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen

Völklinger Straße 4, 40219 Düsseldorf
Telefon: 0211 837-02
poststelle@mkjfgfi.nrw.de
www.chancen.nrw

@ChancenNRW
@ChancenNRW
chancen_nrw
Chancen NRW



Ministerium für Kinder, Jugend, Familie,
Gleichstellung, Flucht und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen



# ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ንጥቀመሎም ትምህርቲ ቋንቋን ትዕዝብቲ ህጻናት ኣብ መውዓሊ ህጻናትን ዝምልከት ሓበሬታ ንወለ

KiTa.NRW
Kompetenz & Vielfalt

www.chancen.nrw
www.kita.nrw.de
www.kita.nrw.de

Tigrinisch

ትግርኛ

## ዝኽበርኩም ወለዲ

ጽቡቕ ምልኪ ቋንቋ መሰረታዊ ባእታ ናይ ማሕበራዊ ተሳታፍነት፡ ምውህሃድ ኣብ ሕብረተ-ሰብን ብልጽግነት ዓወታት ኣብ ትምህርትን ስራሕን እዩ። ስለዚ ድማ፡ መባእታዊ ደገፍ ናይ መማዕበሊ ቋንቋ ውላድኩም ብኣለይትን መምሃራን መዋእለ ህጻናትን እቲ ቀንዲ ኣቓልቦ ዝወሃቦ መዳይ ኣብ መስርሕ ትምህርትን ፍልጠትን እዩ። ዘበናዊ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትን ተመክሮን ከም ዝሕብሮ ድማ፡ ምምዕባል ቋንቋ ሓደ ህጻን ብዕለታዊ ዝርርብን ንጥፈታትን ኣወንታዊ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል ተረጋጊጹ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ዕለት 1. ነሓሰ 2014  ሚሩ ትምህርቲ ቋንቋ ብዝያዳ ኣብ ዕለታዊ ናብራ ናይ መዋእለ ህጻናት ብዝያዳ ዝጸዓረሉ መደባት  ሚሩ።

እዚ ኣብ ዕለታዊ ሂወት ሓደ ህጻን ዝተመርኮሰ ትምህርቲ ቋንቋ ብውልቂ እውን ንሓደ ህጻን ዕውት ውጽኢት ንኽህልዎ፡ ካብ መ መርደ ናይቲ ህጻን ምዕባለ ኣብ ቋንቋ ትዕዝብቲ ይግበረሉ። ብቕዓትን ክእለትን ውላድኩም ተገምጊሙ ድማ በቲ ዝምች መንገዲ ሓገዝን ደገፍን ይግበረሉ።

ኣብዚ መስርሕ እዚ እምበኣር ኣለይቲ ህጻናትን መምሃራንን ወለድን ኢድን ጓንትን ኮይኖም ብሓባር ክሰርሑ ወሳኒ ኣገዳስነት ኣለዎ። መንበሪ ገዛ ሓደ ህጻን እቲ ፈልማይ ቤት-ትምህርቲ ቋንቋ እዩ። ስለዚ ምልውዋጥ ሓሳባት፡ ሓበሬታ፡ ተመኩሮን ምንጭታትን ኣብ መንጎ ወለድን መምሃራንን ኣብ ምዕባለ እቲ ህጻንን ሓባራዊ ዝኾነ ኣተዓባብያ ንኽግበርን ጠቓሚ እዩ።

## ኣየኖት ህጻናት እዮም ደገፍ ዝግበረሎም፧

ኣብዚ ዕለታዊ መነባብሮ ዝግበር ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ዝሳተፉ ህጻናት ካብ መ መርደ ንኣመዓባብላ ቋንቋኦም ዝምልከት ሓገዛትን ደገፍን ይግበረሎም እዩ። ኣብዚ መስርሕ ድማ እቶም መምሃራን ብዝያዳ ምስቶም ኣለይቲ ህጻናት ሓቢሮም ብምስራሕ ዘድሊ ሓበሬታን ምንጭታትን ይቐስሙ። በዚ ኣገባባት ድማ ነፍስወከፍ ህጻን መዓልታዊ ብኣገደስቲ ዝርርብ፡ መዝሙር፡ መሃረ ጸወታ ተመኩሮታት ወዘተ. ይድልብ። ብተወሳኺ እውን ናይ ነፍስወከፍ ህጻን ብቕዓት ቋንቋ ናይ ምዝራብ ንዕዘቦ። ነዚ ንኽንገብር ግን ብዓንቀጽ 18 እዝባር 1 KiBiz ጸብጻብ ህጻን ንምስናድ ፍቓድ ወለዲ ከድልየና እዩ። እቲ ጸብጻብ ከኣ ነቲ ኣብ ናይ ዕለታዊ መነባብሮ ዝግበር ቋንቋ ትምህርቲ ዝጠቅም እዩ።

ውላድኩም መዋእል ህጻናት ዘይከይድ እንተ ኮይኑ ወይ ነዚ ናይ መምሃራን ምክትታልን ምስናድን ስምምዕ ወረቐት ክትፍርሙሉ እንተ ዘይደሊኹም ከኣ እዚ ዝስዕብ ነገራት ኣሎ፡ ብቕዓት ቋንቋ ውላድኩም ቀዳማይ ክፍሊ ክጅምር ክልተ ዓመት ክተርፎ ከሎ ብምኒስትሪ ትምህርቲ ይግምገም (ብመሰረት ዓንቀጽ 36 እዝባር 2 ኣብ ሕገ-ትምህርቲ) ብድሕሪ እዚ ውላድኩም ሓገዝ ከም ዘድልዮ እንተ ተፈሊጡ፡ ናይ ቁንቋ ደገፍ ስጉምትታት ይውሰድ። እዚ ስጉምቲ ኣብ ሓደ መዋእለ ህጻናት ውላድኩም ከተመዝግብዎ ከለኹም እውን ክግበር ይከኣል እዩ።



## ብኸመይ ኣገባብ ንዕዘቦ፧

እዚ ንምዕባለን ብመስርሕን ዝግበር ትዕዝብቲ ክእለት ቋንቋ ካብ 2014/2015  ሚሩ ኣብ መዋእለ ህጻናት ይስራሓሉ ኣሎ። ዕላማ እዚ ትዕዝብቲ ከኣ ብኣጋን ብውልቅን ሓደ ህጻን ሓገዝ መታን ክረክብን መንገዲ መታን ክጽረገሉን እዩ።

እቲ ትዕዝብቲ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ እቲ ህጻን ኣብ መዋእለ ህጻናት እዩ ዝትግበር ከምኡ ድማ ምዕባለታት ቋንቋ ዝስነድ። እዚ ድማ ኣብቲ መዋእለ ህጻናት ብስነፍልጠት ዝተረጋገጸ ናይ ኣተዓዛዝባ መስርሕ እዩ ክካየድ። ናይ ቋንቋ ተራፒ ኣድላይነት ግን በዚ መስርሕ ጌርካ ክረጋገጽ ኣይክእል። ናይ ቋንቋ ተራፒ ከም ዘድልዮ ውላድኩም እቶም መምሃራን እንተ ተገንዚቦም ግን ናብ ሓኪም ወሲድኩም ናይ ሎጎ ፔዲ ሕክምናዊ ረዲኤት ክግበረሉ ከም ምኽሪ የማኽርኹም።

እቲ ናይ ትዕዝብቲ ውጽኢት ፍረ ሃልይዎ ብናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክዓዝዝ መታን እቶም መምሃራን ኣብ መዋእለ ህጻናት ኮይኖም ትዕዝብቶም የሰላስሉ። ኣብዚ መስርሕ ድማ ውጽኢትን ኣንፈት ምዕባለ ቋንቋ ህጻን ብጽሑፍ ተገምጊሙ ቀዳምነት ይወሃቦ። እንተ ተደልዩ ከኣ ናይ ውላድኩም ምዕባለ ቋንቋ  ርመን ውጽኢት ምስ ካልእ መዘናኡ ህጻን ክነጻጸር ይከኣል እዩ ግን ግዴታ ኣይኮነን። ውላድኩም ተሳታፍነት መዋእለ ህጻናት ምስ ዛዘመ ከኣ
(ብመሰረት ዓንቀጽ 18 እዝባር 2 KiBiz) ናይ ትምህርቱ ተሳታፍነት ወረቐት ይዕደል። ምስቲ ምስክር እቲ ከኣ ናይ ትዕዝብቲ መገምገሚ ወረቐት እውን ኣሎ።